**<u>ኣንጻር ጉጅለ 15 ናይ ሓሶት ምስክር ኣይህብን ስለ ዝበለ ጥራሕ23 ዓመት ተፈሪዱ ዝጸንሐ ፍሰሃ ዝተባህለ ትግረዋይ ድሕሪ 17 ዓመት ማእሰርቲ ናብ ሃገሩ ከም ዝሰገረ ተገሊጹ</u>**

እቶም ብጉጅለ 15 ዝፍለጡ፣ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ ዝጠለቡ ብ 2001 ብውለመላኺ ኢሳይያስ ዝተመቐሑ ላዕለዎት ሰበስልጣን ኤርትራ፣ ንምጽላሞም ክጥዕመሉ መታን ኣብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኢዶም ብምሃብ ዑቕባ ክሓቱ ፈቲኖም ከምዝነበሩ፣ ብሓሶት ክምስክር ብስርዓት ኢሳይያስ ጸቕጢ ዝተገብረሉ ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ዝነበረ፣ ፍስሃ ዝተባህለ ትግራዋይ 17 ዓመታት ድሕሪ ምእሳሩ ድሕሪ ርክብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነጻ ተለቒቑ ሃገሩ ከምዝኸደ ምስኡ ተኣሲሩ ዝነበረ ኤርትራዊ ካብ ኣስመራ ብዝብሃበና ሓበሬታ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፣ እቲ ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ዝነበረ ኢትዮጵያዊ፣ ሰለይቲ ውልቀመላኺ ኢሳይያስ፣ ኣብ ኤምባሲ መጺኦም ኢዶም ክህቡ ሓቲቶም ከምዝነበሩ ተዛረብ፣ እንተዘየለ ክንቀትለካ ኢና ምስ በሉዎ፣ `ከምኡ ዘይገበሩ `ሞ ከመይ ኢለ ከምኡ ክብል፣ ኢሉ ምስ ኣቕበጾም፣ ኣብ ቤትማእሰርቲ ሰንበል ን17 ዓመታት ዝተኣሰረ እዩ። በቶም ሰለይቲ ን 23 ዓመታት ክእሰር `ኳ እንተተፈርደ፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብስም ሰላም ዳግም ርክብ ምስ ተገብረ ነጻ ተለቒቑ ናብ ዓዱ ከምዝኸደ ተፈሊጡ።

ሓደ ካልእ ንተመሳሳሊ ጉዳይ በቲ ስርዓት ዝተኣስረ ኢትዮጵያዊ ከምዝነበረ `ውን እቲ ሓበሬታ የረድእ።

ውልቀመላኺ ኢሳይያስ፣ እቲ ተንበርኪኹም ምስ ኢትዮጵያ ርከብ ነይሩዎም ክብል ኣብ 2001 ዝኣለሞ ጸለመ ብናይ ሓሶት መሰኻኽር ኣብ ቴለቭዥን ኣዳሚቑ ህዝቢ ንምድንጋር ዝኣለሞ ውዲት ኳ እንተፈሸሎ፣ ነቲ ሓሶት ብባዶ ሰለስተ ካብ ምዝርጋሕ ግን ከምዘይተቐጠበ ይዝከር።

ነቲ ግዳይ ንምርካቡን ንምዝርራቡን ዘካየድናዮ ጻዕሪ ዛጊት ኣይሰለጠን።

ምንጪ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና 16 ጥሪ 2019

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 17-01-2019